## ሓባራዊ ኣኼባ
## ኣባላት ኤ.ህ.ም፡ ሰ.ዲ.ኤን ሰ.ህ.ኤን ኣብ ሽወደን

## ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ
18.10.2009

ብ17 ጥቅምቲ 2009 ካብ ሰዓት 5 ድሕሪ ቐትሪ ጀሚሩ ንኣስታት ሽዱሽተ ሰዓት ዝወሰደ ሓባራዊ ኣኼባ ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም፡ ሃገር ሽወደን ተኻይዱ። ኣኼበኛታት፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሰለስቲኦ ውድባት ዘሎ ሓላፍነታዊ ጾር ብግብቡእ ብምግንዛብ፡ ነቲ ተበጺሑ ዘሎ ሓድነታዊ ስምምዕ ንምዕዋት ብተወፋይነትን ብጽንዓትን ንኽቃለስሉ ቃል ኣትዮም።

ተሳተፍቲ ኣኼባ፡ ሰላም ዝሰፈናን ዲሞክራስያዊትን ቅዋማዊትን ኤርትራ ንምህናጽ፡ ብመጀመሪያ ነዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ካብ ስሩ ሚሒኻ ንምልጋስ መባእታውን ኣውራን ዕማም ህዝባን ፖለቲካውያን ሓይልታታን ምዃኑ ኣስሚሮምሉ።

እዚ፡ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ስቶክሆልም ዝተኻየደ ናይ ሰለስቲኦ ውድባት ኣባላት ዝተሳተፍሉ ኣኼባ፡ ግሉጽን ናይ ምርድዳእ መንፈስ ዝዓሰሎን ኣኼባ'ዩ ነይሩ። እቲ ኣኼባ ዝመረጸም ናይ መዛተዪ ዛዕባታት ከኣ፡ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

ሀ/ ትጽቢት ህዝብና ክነማልእ ወይስ ህዝብና ትጽቢትና ከማልእ፤
ለ/ ተራ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ኣብ መስርሕ ሓድነትን ምዕላው ምልካዊ ስርዓት እንታይ'ዩ ክኸውን ዘለዎ፤
ሐ/ ተራን ግደን መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ሕጂን ኣብ መጻእን፤
መ/ መጻኢ ርክባትናን ምክንኻን ሓድነትናን ...ወ.ዘ.ተ ዝብሉ ካልኦት ኣገደስቲ ሕቶታት ተመያይጦም።

ነፍስወከፍ ኣኼበኛ፡ "ኣነ፡ እንታይ ክገብር ኣሎኒ? ኣብ'ዚ መስርሕ ሓድነት'ዚኸ እጃመይ እንታይ ክኸውን ኣለዎ? ካብ ዝብል ሓላፍነታዊ ሓሳብ ተበጊሱ፡ ንደምበ ተቓውሞ ዘሐይልን ንቃልሲ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘተባብዕን ንመጻኢ ዝጠመተ ርእይቶ ክቐርብን ኢዩ ተሰሚዑ።

ኣብ'ዚ ዋዕላ ሓደ መንእሰይ ኣባል ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ካብ ዘቕረቦ ሓሳብ፡ ኣብ መጻኢ ብፍሉይ ከቐርብ ኢዩ።